ጥቅምቲ, 25/2006 ዓ.ም.ፈ

## <u>መቅድም</u>

ሎሚ መዓልቲ ኣልዒልና ክንዛረበለን ሓሲብና ዘለና ሰለስተ ኣገደስት መሰረታውያን ፖሎቲካዊ ኣምራት እየን። እዘን ሰለስተ መሰረታውያን ኣምራት ሃገራዊ ዋዕላ፡ ዕርቂን ልፍንትን ዝብላ እየን። ምናልባሽ ንሓዲኣን ከምዛዕባ ወሲድካ ሓደ ዓቢ መጽሓፍ ክጽሓፍ ከምዝኽእልን፡ ኣብ ዓለምና እዉን ብዛዕባእን ዝዝቲ መጽሓፍቲ ብዙሓት ተጻሒፎም ከምዘለዉ ዘማትእ ጉዳይ ኣይኮነን። ብዝኾነ ብሕጽር ዝበለ ብልሓት ክንገልጾ ክንፍትን ኢና። ነዚ ኣምራት እዚ ኣልዒልና ክንጽሕፍ ዝገደደና ክልተ መሰረታውያን ሮቛሒታት እየን። ቀዳመይቲ እቲ ዘዉትር ፖሎቲከኛታት ኤርትራዉያን ዘልዕልዎ ጣቋታት ፖሎቲካ መስመሩ ንምትሓዝ፡ ካልኣይ ድማ ህዝብና ብዘይከዉን ክትግበር ዘይክእል መብጻዓታትን ጣቛታት ፖሎቲካ ካይታለል እቲ ሓቂ እንታይ እዩ ንምግላጽ እየን።

## <u>ሃገራዊ ዋዕላ፡ ሃገራዊ ዕርቂ ን ሃገራዊ ልፍንቲ</u>

ኩሉ ኤርትራዊ ከምዝፈልጦ ዳርጋ እዘን ክልተ ፖሎቲካዊ ኣምራት ማለት ሃገራዊ ዋዕላ ሃገራዊ ዕርቂን ብቀጻሊ ኣብ መኣዲ ዘተ መፍትሒ ጸገማትና ዝላዓላ ሕቶታት እየን። ብፍላይ ድማ ካብ 2004 ዓ.ም.ፍ ጀሚሩ ኣብ ናይ ኤርትራዊ ተጻይ ደንበ ኣኼባታት ከም ቀንዲ መፍትሒ ጉዳያትና ኮይነን ይዝረበለንን ንኡኡ ንምክያድ ድማ ንሓንሳብ ሰሚናራት፡ ንሓንሳብ ሽማግሌታት፡ ንሓንሳብ መጽናዕትታትን ጹሑፋትን ዝወጸሉ ተዳጋጋሚ ፍጻሜታት እዩ። እቲ ሃገራዊ ልፍንት ግን ንሓንሳብ ምሕዝነት ንሓንሳብ ኪዳን ንሓንሳብ 4+1፡ ንሓንሳብ ሃገራዊ ድሕነት፡ ንሓንሳብ ንኩሉ ኣብ ፖሎቲካ ክናጣጠፍ ዝደሊ ዜጋ መጠርነፊ ሰልፊ፡ እንዳተሰምየ ክስራሓሉ ዝጸንሓን ዘሎን እዩ። ቅድሚ ኣብ ካልእ ትንተናታት ምእታዉና ብእብረ ፖሎቲካዊ ትርጉሙን ትሕዝትኡን ምልላይ ከድሊ ስለዝኾነ ብቀሊል ቃላትን ሓሳባት ክንገልጸን ክንፍትን ኢና።

<u>ሃገራዊ ዋዕላ (National Conference):</u> እቲ ሃገራዊ ዝብል ቅጽል ቃል ኮይኑ፡ እቲ ቀንዲ እቲ ዋዕላ ዝብል እዩ። ፖሎቲካዊ ትርጉም ዋዕላ ድማ ሓደ እኩብ ናይ ሰብ ጉጅለ ብዛዕባ ስነ-ትምህርቲ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ኪነት፡ ስነ-ምጣኔሃብቲ፡ ስነ-ባህሊ፡ ስነ-ሕብረተሰብ፡ ፖሎቲካዊ ምሕደራን ፍልልያትን …………ወ.ዘ.ተ ንምዝታይ ዝካየድ ናይ ዘተ ማኣዲ እዩ። ነዚ ዓይነት ናይ ዘተ ማኣዲ ገሊኦም ዋዕላ፡ ሰሚናር፡ ጉባኤ፡ ኣኼባ እንዳበሉ ምስት ዝዝትዩሉ ዛዕባን ዕላማን ብምግንዛብ ስያሜ ከምዝህብዎ ፍሉጥ እዩ። እቲ ዝካየድ ዋዕላታት ናይ ፈሊጣን፡ ዘይመንግስታዊ ማሕበራት፡ መንግስታትን ሃገራትን፡ ናይ ንግዲ ማሕበራት ወይ ንጽል ፖሎቲካዊ ዉድብ ሰልፊ ምንቅስቃስ ወይ ቡዝሓዊ ክኸዉን ከምዝኽእል ድማ ፍሉጥ'ዩ። ናይ መላእ ሃገር ጠቀስ እዩ ኢሎም ኣብ ዝኣምንሉ እዋናት ድማ ሃገራዊ ዋዕላ ዝብል ስያሜ ከጠምቅዎ ዘዉትር ዝስማዕ'ዩ። እቲ ዘዛትዮም ዛዕባ ትሕዝትኡ ንመላእ ሃገር፡ ዞና ወይ ድማ ዓለምለኻዊ ጠቀስ ክኸዉን ይኽእል እዩ፡ ቅርጹ ወይ ምልኣተ ተሳተፍቱን ቀንዲ ቀለስቱ ጉጅላዊ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ሕጋዉነቱን ተቀባሉነቱን ጉጁላዊ ኮይኑ ይተርፍ። ፍርያትን ዉሳኔታትን እቲ ዋዕላ ድማ ኣብ ክንዲ ኣድማሳዊ ቀያዲ፡ ንኣባላቱ ቀያዲ ጥራይ ኮይኑ ይተርፍ። ስለዚ ዋዕላ ማለት ብዛዕባ ፍሉይ ዛዕባ ኣልዒልካ ትዝትየሉ ናይ ኣኼባ መስርሕ ባይታ ማለት እዩ።

<u>ሃገራዊ ዕርቂ (National reconciliation):</u> ማለት መስርሕ ንሓድሽ ፖሎቲካዊ ባህሊ ዘሳጋግር መሰረታዊ ተሓድሶ ንሓድነት፡ ማዕርነትን ፍትሒ ህዝቢ ናይሓንቲ ሃገር ኣራጋጊጹ ብግብሪ ኣብ ፖሎቲካዊ ምጣኔ-ሃብታዊ ማሕበራዊ ባህላዊ ምቅይያራት ኣብ ሂወት እቶም ደቀባት እታ ሃገር ዘራጋግጽ፡ መስርሕ

ሓድሕድ ምቅብባል፡ ጣዕሳ፡ ይቕረ-ይኹንካ፡ ካሕሳ፡ ምሕዋይ በሰላ፡ ደበስ፡ ሕሉፍ ታሪካዊ ግምገማ ዘካይድ እዩ። ኣብ ሰብኣዊ መሰላትን መዝነታትን፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ምዕባሌ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ክንክን ዉሑዳትን ዉጹዓትን እቲ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ሳላማዊ

ኣጋባብ ኣፋታትሓ ግርጭት፡ ኣብ ማዕርነት ብዛዕባ ኣረጊትን ሓድሽ ወለዶን ኣቶኪሩ ድማ ንምርምራቱ ንግብራዊ ሓቂ ወይ ግህዶ ንምግባር ዝካየድ መስርሕ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ክብሃል እንኮሎ ንጹር እዩ ብደረጃ ሃገር ጠቀስ እዩ። ብመሰረቱ ግን እቲ ዕርቂ ካብ ክልተ ቡኡሳት ሰባት ጀሚሩ ብደረጃ ስድራ፡ ማይቤታት፡ እንዳ፡ ቀቢላ፡ ኤትኒክ ጉጅለታት ክህልወን ዝኽእል ናይ መሬት ሕቶ፡ ናይ ሳዕሪ መብልዕ ከብትን መጭዓና ሕቶ፡ ናይ ማይ ዋሓዚ ሕቶ፡ ናይ ባህርያዊ ሃብትን ምምቅርሑ ሕቶታትን ፡ ናይ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሕቶ፡ ናይ ጥዑይን ሓባራዉን ምምሕዳር ሕቶ ካልኦት ዘይተጣሕመሱ ግርጭታት ንምፍታሕ ዝሳላሰል መስርሕ ሰላማዊ ኣጋባብ እዉን እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ኣዝዮም ሓያላት ሰባት ወይ ጉጂለታት ንካልኦት ንምዕብላል ዝካየድ ማሕበራዊ ናይ መፍጠሪ ሰላም ኪደት ኣይኮነን፡ ብኣንጻሩ ፖሎቲካዊ ስልጣን ናብ ምቁጽጻር ህዝቢ ዘሳጋግር፡ ንመሰረታዊ ሽግር ህዝቢ ኣለልዩ ነባሪ ፍታሕ ዘምጽእ፡ ንሽጉራት ኣፍደገ ራህዋ ዝኽፈተሉ፡ ጹቁጣት መሰሎም ዝራጋገጸሉ፡ ውሕዳን ብቡዙሓን ካይ ጽቀጡን ካይዕብለሉን ክትያታት ዘቀምጥ፡ ብዱላት ዝካሓስሉን ዝድበስሉን፡ ገበነይናታት ብሕጊ ዝሕተትሉ ወይ ምሕረት ዝዋሃቡሉ፡ ካብ ምዉጣጥ ናብ ምትሕብባር፡ ካብ ምንንዕዓቅ ናብ ምክብባር፡ ካብ ምንጽጻግ ናብ ምቅብባል፡ ካብ ሽርሒ ናብ ግሉጽነት፡ ካብ ዘይሓላፍነታዊ ናብ ሓላፍነታዊ፡ ካብ ምጥርጣር ናብ ምትእምማን፡ ካብ ዚሮ ተጻዋርነት ናብ ሙሉኡ ተጻዋርነት ዘሳጋግር ማሕበራዊን ፖሎቲካዉን መስርሕ እዩ።

ኣብ ዓለምና ኣብ ማእከል ዘተፈላልዩ ኣህዛባት፡ ሃገራት፡ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት፡ መንግስታት፡ ሃገራዉን ዞናዉን ዓለምለኻዊ ማሕበራት፡ ትካላት፡ ዝተፈላለየ ዋዕላታት ንዝተፋላለየ ዕላማን ማዓላታትን ቀጻሊ እዮም ዝካየዱ። ብተዛማዲ ድማ ሃገራዊ ዕርቅታትን ክልትኣዊ ወይ ቡዙሓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ንነባሪ ሰላምን ሓበራዊ ፖሎቲካዊ ምጣኔ ሃብታዊ ማሕበራዊ ባህላዊ ምዕብልናታት ንምርግጋጽን ማሕበራዊ ፍትሒ ማዕርነታዊ ሽርክነት ንምንጋስ ተባሂሎም ከምዝካየዱ ሩጉጽ ጉዳይ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ከም ዛዕባ፡ ከም ፖሎቲካዊ ኣምር፡ ከም ጭርሖ፡ ከም መስርሕን ትግባሬን ኣዝዩ ዓቢ ስትራተጂካዊ ሕቶ እዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ክብሃል እንኮሎ ናይ ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ ሰልፍታትን ማሕበራትን በይናዊ ወይ ቡዝሓዊ ፖሎቲካዊ ልፍንት ወይ ዕርቂ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ናይ መላእ ሃገር ሕጋዉያን ተወከልቲ ህዝቢ፡ ንጡፋት ፖሎቲከኛታትን ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት፡ ሲቪላዊ ወይ ህዝባዊ ማሕበራት፡ ወራዙትን መራሕት ልዑል ህዝባዊ ትካላት፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጉጅለ፡ ፈሊጣን፡ ተዓዘብትን ሓሳብ ኣሃብተምትን ወጻእተኛታት ኣድማዒ ተሳትፎን ዉሳኔን ዝሓትት ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ነዊሕን መስርሕ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ዋዕላ፡ ኣኼባ፡ መጋባእያ፡ ልፍንታዊ ስራሓት ማለት ኣይኮነን።

ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ህሉዉ ኩነታት ጥራይ ኣይኮነን ዝሙርከስ። ሃገራዊ ዕርቂ ነቲ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ሕሉፍ ታሪኽ እቲ ሕብረተሰብ ብታሪኹ፡ ብማሕበራዊ ፍትሒ፡ ብሕጊ፡ ብሰብኣዉን ስነምግባራዉን መዓቀኒታት ንፍጻሜታት እንዳመዘነ ፍርድታቱ የቀምጠሉን ንዉሳኔን ኣፋታትሑኡን ዝምልከት ድማ ናብ ህዝቢ ብምዉራድ፡ ብባህግታት ህዝቢ ዕግበት ይዉስን። መላእ ህዝቢ ዝተሳማማዓሉን ዝዓገበሉን ሕሉፍ ታሪኻዊ ገምጋማት ምስገበረ፡ ቀጺሉ ንህልዉ ኩነታት እቲ ሃገርን ህዝብን ይመዝን፡ ኣብ መጨረሽታ ድማ ንመጻኢ እቲ ሃገርን ሕብረተሰብን ብሓባር፡ ብማዕረ፡ ብምክብባር፡ ብሓድነት፡ ብምዕባሌ ከንብሮ ዝኽእል ካብ ፍጹም ማሕበራዊ ጸጋታት እቲ ሕብረተሰብ ዝመንጨወን ተመሊሱ እዉን ንኡኡ ዝኩስኩስ ጥዑይ ዓንደ መንግስት፡ ጥዑይ ፖሎቲካዊ ስርርዕ፡ ጥዑይ ድሌት ህዝቢ ዘዕግብ ምጣኒ ሃብታዊ ፡ ጥዑይ ፍትሓዉን ምዕሩይ ማሕበራዉን ጥዕናዉን ኣገልግሎት፡ ጥዑይ ማሕበራዊ ፍትሕን ሰብኣዊ መሰላት ዘራጋግጽ፡ ጥዕይ ዘቤታዉን ግዳማዉን ሜላታት ዝትልም፡ ብዓቢኡ ድማ ባህላዊ ትንሳኤ ዘራጋግጽን ንሃገራዉን ህዝባዉን ጸጥታ ዘዉሕስ ባይታ ዝፈጥር መስርሕ እዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ብባህሪኡ ኣብ ዝተወሰነ ፖሎቲካዊ ማሕበራዊ ምጣኔ ሃብታዊ ባህላዊ ዛዕባታት ዝተደረተ ኣይኮነን ኩሉእንትናዊ ሃለዋት ሂወት እቲ ሃገርን ህዝብን ጠቀስ ዳህሳሲ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ካብ ዉልቀ ሰብ ዜጋ ጀሚሩ ስድራቤት፡ እንዳ፡ ቀቢላን ኢትኒክ ጉጅለ ክሳብ መላእ ሃገር ኣብ ኩሉ እንትናዊ ሃለዋት ሂወቱ ማለት ኣብ ሰብኣዉነቱ፡ ሰብኣዊ መሰላቱን ጉቡኣቱን፡ ስነምግባሩ፡ ፖሎቲካዊ ማሕበራዊ ምጣኔ ሃብታዊን ባህላዉን ሂወቱ ዝምርምርን፡ እዚ ገበን እዚ

በደል እዚ ከምዚ ክከዉን ይግባእ እንዳበለ ካብ ዝደቀቀ ክሳብ ዝዓበየ ጉዳይ እቲ ህዝቢ ርትዓዉን ሂወት ሶኻዕን መዕልቦ ኣናዳይን እዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ብባህግታት ወይ ዊንታታት ጥራይ ዝካየድ መስርሕ ኣይኮነን። ነዚ ዊንታታትን ባህግታትን ክዉን ክገብሩ ዘኽእሉ ባይታታት ክህሉዉ ኣለዎም። እቲ ባይታታት እንብሎ ዘለና ቀዳማይ ኣብ ዉሽጥ

ሃገር ዝካየደሉ ባይታ ክራጋገጽ ኣለዎ፡ ካልኣይ ብህዝቢ ተወኪላ ዝተመርጸት ናይ ሃገራዊ ዕርቂ ኮምሽን ክትህሉ ኣለዋ። ሳልሳይ ነታ ኮምሽን ልዕላዊ ስልጣን ዘወንን ሕጊ ክህሉ ኣለዎ። ራብዓይ ናይ ሃገራዊ ዕርቂ ናይ ስራሕ ሓይልታት ኮሚቴታት ብደረጃ ዓዲ ወረዳ ኣዉራጃ ሃገር ክቖማ ኣለወን፡ ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ዕርቂ ዝማሓደራ ናጻ ናይ ታሪኽ ተማራመርቲ፡ ፍርዳዊ ትካል፡ ሲቪካዊ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መርመርቲ፡ ናይ ፖሎቲካዊን ቁጠባዊን ፖሊሲታት ሓንጸጽቲ ኪኢላታት፡ መራኸቢ ቡዙሓን ዝሓቆፋ ትካላትን ካልኦት ዘይተሮቕሑ ክህሉ ኣለዎ። ሃገራዊ ዕርቂ ክባሃል እንኮሎ ገለ ሰባት ጥራይ ንምምቅርራሕ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዘጣጥሕ፡ ንተቃወምትን ገዛኢ ስርዓትን ዝተዓርቅሉ፡ ሓደ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ ኣብ ልዕሊ ካልእ ዝዕወተሉ፡ ንምልካዊ ስርዓት ኣሊኻ ስልጣን ትጭብጠሉ፡ መሳርሒ ንዋት ገይሮም ዝወስድዎን ነዚ ንምትግባር ዝንቃሳቀሱ ኣለዉ። እዚ ፍጹም ጌጋ ኣራዳድኣን ፈተነን እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ናይ መላእ ሃገርን ህዝብን ኮይኑ፡ እቲ ህዝቢ ሕሉፍ ተሞክሮታቱ ሓሊኹ ንቅድሚት ከምዘይስጎም ኣብ ዝኾነሉ እዋናት፡ ካብዚ ፈንጢሱ ዝወጸሉ ኪደት ሰላማዊ ኣጋባብ መስርሕ መሰረታዊ ለዉጢ ሕብረተሰብን ፖሎቲካዊ ስልጣን ህዝቢ ዝርከበሉ እዩ።

<u>ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዕርቂ የድሊ ዶ?</u> ብሕጽር ዝበለ ኣጋባባት እተን ክልተ ዘዉትር ዝላዓላ ፖሎቲካዊ ኣምራትን ትሕዞ ኣጣቃቅምኣን ካብተገንዘብና ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዕርቂ የድሊ ዶ ኣየድልን ዳርጋ ምሉስ ሕቶ እዩ። ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዕርቂ የድሊ ኢዩ ካብ ኮነ መልስና፡ መጀመርታ ክምለስ ክጣጥሕንዝግብኦ ሕቶታትን ባይታታትን ኣላ ንሱ ድማ፡

1. ንሃገራዊ ዕርቂ ንምክያድ ዝደፋፋኡና ዉሽጣዉን ግዳማዉን ኩዉንነታት ኣየኖት እዮም?
2. ንሃገራዊ ዕርቂ ከነካይድ ዝግድዱና ታሪካዊ፡ ፖሎቲካዊ፡ ማሕበራዊ ሮቃሒታት ኣየኖት እዮም?
3. ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ኤርትራ ብከመይ ኣጋባብ ክካየድ ኣለዎ።
4. ሃገራዊ ዕርቂ ብሽፈላዊ ወይ ብፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ስርዓት ወይ ብተቃወምቲ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት ዶ ክካየድ ይግባእ ወይ ይክኣል?
5. ኣብ መንጎ ፖሎቲካዊ ዕርቅን ሃገራዊ ዕርቂን ዘሎ ፍልልያትን ተዛማድነትን እንታይ እዩ?
6. ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ኤርትራ ናይ ምርጫ ሕቶ ድዩ ወይስ ክትግበር ዘለዎ ሕቶ እዩ?
7. ነቲ ዝካየድ ሃገራዊ ዕርቂ ዘቁሙ ቀንዲ ቀለስትን መትንታትን ኣየኖት እዮም? ብከመይ ኣጋባብ ከ ይዉክሉ?
8. ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራዉነትን እንታይ ግደ ክህልዎ እዩ?
9. ሃገራዊ ዕርቂ ንስነሓሳብ ህዝብን ሃገርን፡ ምትካል ዲሞክራስን፡ ከመይ ዝበለ ኣበርክቶ ኣለዎ ብዓቢኡ ድማ ከመይ ንማሕበራዉን ባህላዉን ባዶነት ይመልኦ?
10. ሃገራዊ ዕርቂ ንኩነታት ህዝብን ሃገርን ከም ታሪኻዊ ማዕከን ልዕላዉነት ኮይኑ ዶ ከገልግል ይኽእል?
11. እቲ ሃገራዊ ዕርቂ ናይ መን ዕርቂ ናዮኖት ጸገማት ዝፈትሕ እዩ?
12. ኣብ ዚ መድረኽ እዚ ሃገራዊ ዕርቂ ኣዝዩ ክትግበር ዘለዎ ህጹጽ ሕቶ ድዩስ፡ ወይ ኣብ ዝጥዕመና እዋን ረፈጥ ኢልና ከነሳላስሎ ዝግባእ ሕቶ እዩ?
13. ሃገራዊ ዕርቂ ከ ካብ ሃገር ወጻኢ ኣብ ስደት ክካየድ ይኽእል ድዩ?
14. ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ፖሎቲካ ዶ ኣብ ዲሞክራስያዊ ባህሊ ይጽፈ?..........ወ.ዘ.ተ።

ብቀዳምነት እዝን ካልእን ዘይተጣሕመሱ ሕቶታት ተጨባጢ መልሲ ክርከበሉ ኣለዎ። ኣብ መስርሕ ፖሎቲካዊ ኣምራዊ ትንተናታትን ኣታጋባብርኡን ብገለ ክዝረብን ክትንተንን እንከሎ ኣዝዩ ዱንጉርን ላህመታዊ ኣፍልጦ ከምዘለዎምን ብኣንጻሩ ብስምዒትን ባህግታትን ዝተንጀርበበ ምኻኑ ደሚቁ ይርኤ። ንልፍንታዊ ስርሓት ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት፡ ንስሙር
ግንባር ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ ንጸቢብን ከፈላዊ ፖሎቲካዊ ምጥርናፋት፡ ንኪዳን ትሕተ ሃገራዊ ፖሎቲካዊ ዝንባሌታት ከም መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ዝካየድ ዘሎን ዝተኻየደን ኣምሲልካ ምግላጻት እዉን ይስማዕ እዩ። ብመሰረቱ እዚ ጉጉይን ዘይፖሎቲካዊን እዩ።
ኤርትራዉያን ዕላማና ብዲሞክራስያዊ ማሕበራዊ ፖሎቲካዊ ሰዉራ ወይ ብሃገራዊ ዕርቂ ኣቢልና ማሕበራዊ ፍትሕን ሰላምን ዝነገሶ ሕብረተሰብን ሃገር ሃገራዉነት ንምህናጽ እንተኮይኑ።
1. ኣቀዲምና ኣብ ሕሉፍ ታሪኽና ተዛማዲ ሓቅነት ዘለዋ ምርምራት ከነካይድ ኣለና፡
2. ብንጹር ክንወቕዖም ንደሊ ስትራተጂታት ክንፈልጥ ኣለና።
3. ገና ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራዉነት ከምዘለና ከነለሊ ኣለና።
4. ኣዝዩ ዱሑርን ሕቡኡን ጉጂላዊ ፖሎቲካዊ ረብሓታት ዘራጋግጽ ኣጀንዳታት ክንስንድዎ ክንበቅዕ ኣለና።
5. ሰናይ ድሌት፡ ግሉጽነት፡ ተሓታትነት፡ ርእሰ ረብሓዊ መስዋእት ከነጥሪ ኣለና።

6. ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ከባቢናን ዓለምናን ዝካየድ ዘሎን፡ ብሕጂ ክካየድ ዝኽእል መስርሕ ምድቃቅ ህዝብን ሃገርን ዲሞክራሲ ኣብ ዓለምና ዓንኬል ዘግጥም ዘሎ ጸገማት ብከመይ ክንካላኸሎን ንዉጉኖን መጽናዕትታት ምክያድ ንኤርትራዉያን ኣዝዩ ኣገዳስን ጠቃምን እዩ።

መብዝሓትኣን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ካብ ኣብ ዉሽጠን ዘሎ ጸገማት ንላዕሊ፡ እቲ ንጸገማተን ንምፍታሕ ዘለወን ተበግሶታት ብናይ ግዳም ሓይልታት ጸቅጥታት ክድረኽን ክግታን ከሎ ይዓቢ። ዓለማዊ መስርሕ ንጥፈታት ፖሎቲካዉን ምጣኔ ሃብታዊ ንህላዌ ስነሓሳብ ህዝብን ሃገርን ብጽምዳዊ ኩርናዓቱ ስለዘጻብበሉ ዘሎ፡ ንዘለካ ጸገማት ንምፍታሕ ዝህልወካ ተበግሶታት ብግዳማዊ ፖሎቲካዉን ምጣኔ ሃብታዊ ስትራተጂ ሓያላን ሃገራት ስለዝጽሎ እቲ ተበግሶታታት እንዳሃለወ ከንሱ ርእስኻ ኺኢልካ ጸገማትካ ንከይትፈትሕ ን ካይተማሓድርን ዝግበር ማሕለኻታትን ጸቕጥታትን ኣዝዩ ዝሓየለን ዝዓዘዘን ብምኻኑ እዩ።

ኣምር ሃገራዊ ዕርቂ ብንጹር በቲ ዝጠበቐ ትርጉሙ ድኣ ኣይኹን እንበር፡ ሓደ ብሰላማዊ ኣጋባብ ተሳላስሎ ሱር ነቀላዊ ማሕበራዊ ፖሎቲካዊ ሰዉራ እዩ።

ሕመረት ሃገራዊ ዕርቂን ኣገዳስነት ፖሎቲካዊ ምርጫታትና ቀንዲ መናዓዓቢ ናይቲ መስርሕን፡ ምግላጽ ናይቲ ዘይክማህ ፖሎቲካዊ ባህግታትና፡ ናይ ኣማራጺታት ህልዉ ብዶሆታትናን ተሞክሮናን፡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ንኩሉና ዘገዱስና ጉዳያት ብንጥፈት ምዝታይ ምርዓም ዘጣቃለለ እዩ። ነዚ ንምስልሳል ድማ ዘቤታዉን ግዳማዉን ሮቋሒታት ዘተኣናግድዎ ክፍጠሩሉ ኣለዎም።

ንሃገራዊ ዕርቂ ንኣጋባባት ቃልሲ ብዝምልከት ዝተደርሰ፡ ዝተቶርጎመ፡ ዝትኣመመ እማሜታት ኣዝዩ ቡዙሕ እዩ። እቲ ኣብ ኤርትራ ንክኻየድ ንሓስቦ ዘለና መስርሓት ንሓንሳብ ምስ ፈረንሳ፡ ንሓንሳብ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ንሓንሳብ ምስ በኒን፡ ንሓንሳብ ምስ ሊባኖስ……….ወ.ዘ.ተ፡ ተሞክሮታት ብምዝማድ ክግለጽን፡ ነቲ ኣብኡ ዝተጠቅምሉ ብልሓት ብቀጥታ ኣብ ኤርትራ ክትግበር ከምዝኽእል ዘተንብህ ጹሑፋት መጽናዕታት ነቢብና ኢና። ኣንቱም ሰባት እንበር ዶ ንኤርትራ ይፈልጥዋ እዮም ወይስ ካልእ ኤርትራ ትባሃል ሃገር ኣላ ዝብል ሕቶ እዩ ዝመጸካ። ምክንያቱ እማሜኦም ንኤርትራዊ ባይታን ኤርትራዊ ኣህጉረ ጥንታዉን ዘመናዉን ስልጣኔን ኣብ ባዕላዉን ዉድዓዉን ክስተታት ዝተመስረተ ብዘይሙኻኑ እዩ። ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ

“ሕማቕ መምህር የደንቁር፡ ሕማቕ ሓኪም ዓይኒ ድማ ኣዒንት ሰብ የንቁር” ዝዓይነቱ እዩ። ሓደ ካብቲ ርኡይ ጸገማት ናይዞም ፈሊጣዉያን ዝኾኑ ደቀባት ነቲ ኣብ ከባቢ ዝነብሩሉ፡ ዘንበብዋ፡ ዝተዓዘብዎ ካብ መግዛእቲ ይኹን ከባቢኦም ዝወረስዎ ኣፍልጦታት ብዘይ ዜቤታዊ ዉኽሳ ከምዘለዎ ብዘይ ገለ ምልዉዋጥ ከተኣታትዉዎ ይህቅኑን ይናጣጠፉን። ርዱእ እዩ ኣብ ዓለምና ተዛማድነትን ፍሉይነትን ናይ ህዝብታት ሃገራት ኣቋዉማ፡ ተሞክሮ፡ ጸገማት፡ ግርጭታት፡ ጽፍሒ ምዕባሌ፡ ድሌታት፡ ማሕበራዊ ጸጋታት….. ወ.ዘ.ተ. ከም ዘሎ። ነዚ ድማ ብምዉድዳር ሰንጠረጅ ሰሌዳ ኣብቲ ዝቀርብ መሰረተ ሓሳባት መወከሲ ዘለዎ ጭብጥታት ከሰንዮ ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ፈረንሳ ጋቲማላ በኒን ደቡብ ኣፍሪቃ ስለዝበልካ መፍትሒ ናይቲ ህሉው ጸገማት ኤርትራ ማለት ኣይኮነን።

ንባዶሽ እማሜታቶም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቁቡል ክገብሩ ኣዳለዉቲ ናይቲ እማሜ ብዶክተር፡ ብፍላስፋ፡ ብዳይረክቴር፡ ብኢምባሳደር ማዓርግ ትምህርት ዝዉንኑ ፈሊጣን ከምተጸንዐ ሰሊሞም ይዝርግሕዎ።

ሙጉትና ኣገልግሎት መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ንፖሎቲካዊ ባህልና ንምቅያር ዝካየድ መስርሕ እዩ። ምክንያቱ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ብቀዳምነት ስነ-ሰብኣዊ፡ ስነ-ኣእሙራዊ፡ ገብረገብነታዊ፡ ስነምግባራዊ ቕሩቡነትን ኣብ ፖሎቲካዊ፡ ምጣኔ ሃብታዊ፡ ሕብረተሰብኣዊን ባህላዉን ሱር ነቀላዊ ለዉጥታን ንምምጻእ ዝካየድ ማስርሕ ማሕበራዊ ኪደት ብምኻኑ እዩ። ስለዚ እቲ ቀንዲ መወከሲታት ናይዚ መስርሕእ'ዚ ንምክያድ እቲ ባዓልቤታዊ ዉድዓዉን ምልክታት ኮይኑ፡ እቲ ግዳማዊ ኩነታት ድማ ከም ካልኣዊ ሮቋሒታት ክበስል ክበቅዕ ስለዘለዎ እዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ብከፊልን ካብ ሃገር ወጻኢ ቡኩራት ሰለስተ ርብዒ ኣባላት ሕብረተሰብናን እቲ ህሉው ስርዓትን ዘለዎ ክካየድ ዶ ይክኣል? ኣይፋሉን ኣይክኣልን እዩ። ስለምንታይ ዘይክኣል ቡኩራት እቲ ምልካዊ ስርዓት ስለዘለዎ ድዩ? እወን ኣይኮነን ዝብል ሕቶታትን መልስታትን ክልዓሉ ይኹሉ እዮም። ኣብዚ ሓደ ንጹር ሙጉት ክመጽእ ይኽእል እዩ። ንሱ ድማ እቲ ሃገራዊ ዕርቂ ንኣባላት እቲ ስርዓት ኣይምልኮቶምን ድዩ? ይምልከቶም እባ፡ የግዳስ ህሉዉ ስርዓት ኣብ ፖሎቲካዊ ዘተ ስለዘይኣምንን ብዓቢኡ ድማ ገበነይና ስለዝኾነ ንኡኡ ንጽበየሉ ምክንያት የሎን፡ ካብቲ ስርዓት ወጻኢን ተቃወምትን ዘለና ጥራይ ሃገራዊ ዕርቂ ኣካይድና ዓቅምታትና ጠርኒፍና ኣንጻሩ ደዉ ምባልን ካብ ሱሩ ባሕጊካ ምእላይን ጥራይ እዩ እቲ እንኮ ምርጫ ክባሃል ይክኣል እዩ። ሕጂ'ዉን እዚ ስሙር ግንባር ወይ ልፍንቲ እንበር ሃገራዊ ዕርቂ ኣይኮነን። ብዓቢኡ ግን ነቲ ስርዓት ክትሓድጎ ክትብል ነቲ ንሱ ዛጊት ዝቋጻጸሮ ዘሎ ሰለስተ ርብዒ ብዝሒ ዘለዎ ኣካላት ሕብረተሰብና ንተሳታፍነቱ ክትርሕርሕ እንተኾንካ እቲ ዕርቂ ትብሎ ኣብ ክንዲ ዕርቂ ንዕርቂ ከሕልፍ ዘይክእል ዓጽሚ ጎሮሮ ወይ ሕማም መንሽሮ ክኸዉን እዩ። ምክንያቱ ሃገራዊ ዕርቂ ማለት ናይ ፖሎቲካዊ ዉድባት ወይ ናይ መራሕቲ ፖሎቲካዊ ዉድባት በይንኣዊ ዕርቂ

ወይ ክኣ ናይ ሓደ ዋዕላ ወይ መጋባኣያ ፍጻሜ ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓቅ ንሱ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት ዝግበር መድረኻዊ ስምምዓት ዉህደታት ምትሕንፋጻት ፖሎቲካዊ መድረኻዊ ልፍንት ወይ ድማ ስምረት ጥራይ እዩ ክብሃል ዝግባእ።

እቲ ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ኤርትራ ክከይድ ዝድለ እንተሃልዩ ሓደ ፈጺሙ ክስገር ዘይክኣል ቅድመ ኩነት ኣሎ ንሱ ድማ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክእለ ወይ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ብቀዳምነት ንህዝቢ ከረክብ ኣለዎ። ቀዳማይ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንህዝቢ ክርከብ ድማ እቲ ዝበለጸን ምስ ዉድዓዉን ባዕላዉን ፖሎቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ዝሳማማዕ መጀመርታ ብርትዓዊ ኣጋባባት መላእ ህዝብና ዝተሳተፎ ምርጫታት ንተወከልት ህዝቢ ንምምራጽ ክካየድ ኣለዎ። እቶም ብመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝተመርጹ ተወከልቲ ህዝቢ ከም ቀጥታ ወከልቲ ህዝቢን መንጎኛታት ፖሎቲከኛታት ምንቅስቃሳት ኮይኖም ነቲ መሳጋገሪ መንግስቲ ህዝባዊ ባይቶን የቑሙ። እዚ ዝቀዉም ቀጥታዊ ወኪል ህዝቢ ዝኾነ ባይቶ ሃገር ንሃገራዊ ዕርቂ ይእዉጅን ንኡኡ ዘሳላስሉ ሰባት ይመዝዝን ሓላፍነት የሰክምን። እቶም በቲ ሃገራዊ ባይቶ ህዝቢ ሓላፍነት ዝተዋህቡ ኣሳላሰልት ሃገራዊ ዕርቂ ኮምሽን ከም ናጻን፡ መንጎኛ፡ ሉዕላዊ ስልጣን ዘለዎም ኮይኖም ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ፥ ተቃወምቲ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስን ፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ ዝነበረ ግንባር ይምርምሩ፡ ይዳንዩ፡ ይዓርቁ፡ መዛዘሚ ሕሉፍ ጸገማትና ይገብሩ፡ ደበስ ዘድልዮ ይድብሱ፡ ምሕረት ዘድልዮ ምሕረት ይህቡ፡ መቕጻዕቲ ዝግብኦ ይቀጽዑ። እዝ ክንጠቅሶ ዝጸናሕና መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ እንዳኸደ እንኮሎ ድማ ጎን ጎኑ እቲ ናይ ህዝቢ ሃገራዊ ባይቶ ብዕግበታት መላእ ኤርትራዊ ዜጋ ዝተራጋገጸ ሃገራዊ ቅዋምን ምስኡ ዝኸዱ ሕግታትን ሕጋጋትን ይነድፍ፡ የጽድቅን ይእዉጅን። ድሕሪኡ ኤርትራ ብግዝኣተ ሕግን ሰላምን ዓንድታት ዝተሃንጸት ሃገር ስለትኸዉን ናብ ቀዋሚት ቅዋማዊት ደዉላ ትሳጋገር ማለት እዩ።

ካልኣይ ኣማራጺ ድማ ብሓደ ወገን መጠን ኮታ ዉክልና ተወኪሉ ዝተሓርየ ናይ ህዝቢ ተወከልት፡ ብክልኣይ ወገን ክኣ ካብ ኩለን ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት ኤርትራ ዝተወከለ ብሓባር ሓደ መሳጋገሪ ባይቶን መንግስትን ኣቂሙ ነቲ ሃገራዊ ዕርቂ ከሳላስሎ ይኽእል እዩ። ብዘይ ገለ ምዉልዋላት ግን እቲ ቀዳማይ ኣጋባብ እቲ ዝሓሸን ዝበቕዐን መገዲ ምኻኑ ምርጫታትና ነራጋግጽ።

ሃገራዊ ልፍንቲ (National Coalition): ፖሎቲካዊ ትርጉም ልፍንቲ ሓደ ንጹርን ነቃጽ መግለጺ እዩ ዘለዎ። ንሱ ድማ ዝተፈላለየ ስነሓሳባዉን ግብራዉን ፍልልያት ዘለዎን ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት፡ ሰልፍታት፡ ግንባራት ዉድባት፡ መንግስታት፡ ዉልቀሰባት፡ ሲቪላዊ ማሕበራት ሓደ ንኩሎም ብማዕረ ዝምክት ጸገማት ከጋጥሞ እንከሎ ነዚ ብተናጸል ክገጥምዎ ዘይበቅዑ ሓባራዊ ጸገማት ንምፍትሑ ብዓይነት ይኹን ብዓቀን ሰብኣዊ፡ ነገራዊ፡ ፋይናንሳዊ፡ ሞራላዊ ዓቅምታቶም ጠርኒፎምን ኣዋሃሂዶም ንሓደ ንጹር ዕላማ ጋህዲ ፍታሕ ንምምጻእ ዝገብርዎ ግዝያዊ ስሙር ግንባር እዩ። እዚ ብክልተ ደረጃታት ጋህዲ ክከዉን ይክኣል።

1. ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት መንግስቲ ሃገረን ንምምራሕ ኣብ ዘካየድኦ ምርጫታት ብዓብላሊ ድምጺ ምስ ዘይዕወታ፡ ናይ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰልፍታት ድምጽታት ብምልፋን ነቲ መንግስቲ ከቅዉም ዝኽእል ወንበራት የማዓራርያን ይላፈናን። እቲ ዝቀዉም መንግስቲ ድማ ልፍንታዊ መንግስቲ ይብሃል።
2. ንሃገራዊ ናጽነት ወይ ሓርነት ንምርግጋጽ ዝቃለሳ ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ ሰልፍታት፡ ግንባራት ኣንጻር ሓደ መግዛእታዊ ወይ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ዝቃለሳሉ እዋናት ብሓደ ወገን ናይ ሓባር ጸቃጥን ጸላኢን ስለዘለወን፡ ብካልእይ ወገን ነዚ ንምግጣም ሓይልታተን ጠርኒፈን ብሓደ ክቃለሳ ኣብ ገለ መትከላዊ ስምምዓት ክኣትዋ ከለዋ ልፍንቲ፡ ምሕዝነት፡ ኪዳን፡ ስሙር ግንባር እዩ። ብኣቃዉሙን ጠባያቱን ግን ልፍንቲ እዩ። እዚ ሕጂ ኣብ ደንበ ተቃዉሞ ብቀጽርታት (Blocks) ንክጽፈያ ዝሕልን ዘሎ ድቀተ ሓሳባትን ንጥፈታትን እዉን ኣካል ናይቲ መድረኻዊ ምዉህሃድ ወይ ልፍንት ጥራይ እዩ።

ፖሎቲካዊ ባይታ ኤርትራ ዝጸሮን ዘታባብዖን ምቑም ፖሎቲካዊ ልፍንቲ ጥራይ እዩ። ምክንያቱ በቲ ሓደ ወገን ፖሎቲካዊ ዘተ ዘይኣምንን ዘይቅበልን ምልካዊ ስርዓት ኣሎ። በቲ ካልእ ሸነኽ ኣብ ሃይማኖት፡ ኣዉራጃ፡ ኢትኒክ ጉጂለ፡ ሃገራዉን ዲሞክራስያዉን ተሞርኪሱ ዝንቃሳቀስ ፖሎቲካዊ ተቃዉሞ ኣሎ። ኣብዚ ግዝያት እዚ እቲ ፋሕ ኢሉ ተወዲቡ ዝንቃሳቀስ ዘሎ ፖሎቲካዊ ዉድባት ብተናጸል ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክገጥሞ ስለዘይክእል ዓቕምታቱ ጠርኒፉ ኣብ ምግጣሙ ክስለፍ ኣለዎ። ኣብዚ ግን ንጹር ክኸዉን ዘለዎ ሓደ ምልካዊ ፖሎቲካዊ ስርርዕ ምህላዉ ጥራይ ነቲ ልፍንታዊ ስርርዕ ከቕሞ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ካብቲ ምልካዊ ስርዓት ዝገዱ ዘይዓበዩ ተቃወምቲ እዉን ክስኣኑ ስለዘይክእሉ እዩ። እቲ ዝቀዉም ናይ ሓባር ልፍንቲ ነቲ ገጢምና ዘሎ ብዶሆታታት መፍትሕ መታዓየይ ክኸዉን ዝኽእል ክኸዉን ኣለዎ። ከምኡ ክኸዉን ድማ ኣብ ዝተነጸረ መትከላት፡ ዕዙዝ ዕግበታት፡

*ድሉዉነት፡ ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ ንዑብ ኣዋዳድባ፡ ኣሳታፊ፡ ቁጽጽር ናይ ህዝቢ ዝመልኮ፡ ኣዝዩ በሊሕን ንጡፍን መሪሕነት ዝዉንን፡ ንተራ ህዝባዊ ማሕበራት ዘዕዝዝ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዘታባብዕ ክኸዉን ኣለዎ። እቲ ብዝወሓደን መሰረታዊ ዕታር መትከላት ከመይ ዝእመሰሉ ክኾኑ ኣለዎም ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል እዩ። ንመረዳእታ፡*

1. *ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክእለ ከምዘለዎን ኣብ ዕንኡ መሰረታዊ ለዉጢ ዝገብር ኤርትራ ንሲቪላዊት ደዉላ ከምትቀየር ምእማንን ምቅላስን።*
2. *ኤርትራ ብዓንድታት ሃገራዊ ዕርቅን ግዝኣተ ሕጊ ከምትቀዉም ምእማንን ምቅላስን።*
3. *ልዑላዉነት መሬትን ህዝብን ብዘይ ገለ ዋጋ ዕዳጋ ምቅባል።*
4. *ተሳትፎ ህዝብ፡ ቁጽጽር ህዝቢ ልዕሊ ኹሉ ምኻኑ ምቅባል።*
5. *ከፋፋልን ዘይዕዉት መልክዓት ቃልሲ ምንጻግ።*
6. *ምርጫታት፡ ዉሳኔታት፡ ድንጋጌታት ብዲሞክራስያዊ ድምጽታት ከምዝሓልፍን፡ ዝሓለፈ ዉሳኔ ድማ ኩሎም ኣባላት እቲ ልፍንቲ ከምዘተግብርዎ ምእማንን ምቅባልን።*
7. *ፖሎቲካዊ መዝነት ብብቅዓትን ኣበርክቶን ምዕዳል።*
8. *ኣዝዩ ዘይተጻራሪ ሕመረት ፖሎቲካዊ ክብርታትን እምነታትን ምዉናን።*
9. *ዲሞክራስያዊ ማእከልነት ምኽባር……ወ.ዘ.ተ ዝኣመሰሉ እዮም።*

*ኣብ ተሞክረና ንርእዮ ዘለና ናይብሓቂ ዘይፖሎቲካዊን ዘይፈሊጣዉይን ኣባህላታትን ሕልምታትን እዮ። ገሊኦም ኤርትራ ካብ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ናጻ ትኹን ኣይትኹን ኣይንታዮምን እዩ። እቲ ፖሎቲካዊ ንጥፈታቶም ሞያ መንበሪኦም ስለዝኮነ፡ ባህግታት ህዝብና ኣብ ሓድነት ብምዕዛብ ሃገራዊ ዋዕላ እንዳበሉ ይንቃሳቀሱን ኣብቲ ዝካየድ ንሳቶም ሃገራዊ ዋዕላ ድማ ተሸይሞም ህዝቢ ከም መተካእታ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ቡራኼኡ ክልግሰሎም ካይደቀሱ ዝሓድሩን ብኡኡ ዝቛደሱን ቡዙሓት እዮም። ናይዞም ሓለምቲ ጸናጽል ዝኾኑ ብዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ቀቢላ፡ ኣዉራጃ ኣእምርኦም ዝተቃነዩ ድማ ዘዉትር ቅሊው ቅሊው ክብሉ ይነብሩ። ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ "ዓርኪ ኖኳዕስ ነቓዕ" ዝብልዎ ገሊኦም ነቐዓት ገሊኦም ኖኳዓት እዮም። ብዘይካ ምድንጋርን ምዕልባጥን ድማ ዘፍርይዎ ነገር የሎን። ንልፍንታዊ ስራሓት ንምእታዉ ብፍጹም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣትዉ ሕቶታት ኣለዉ፡ ንሳቶም ድማ ሕመረት ፖሎቲካዊ ክብርታት እተን ተላፈንቲ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት እዩ። ኣብ ሕመረት ፖሎቲካዊ ክብርታተን* (Core Values) *ዋጋ ዕዳጋ ዝኣትዋ እንተኾይነን እሰን ይኹን እቲ ልፍንት ሓቀኛ ከምዘይኮነ ንምልላዩ ይክኣል እዩ።*
*ብወገና ህ.ሰ.ግ.ኤ ኣብዚ ዛዕባታት እዚ እምነትና እንናጣጠፈሉ እንምራሓሉን ከምኡ ከምዝኾነ ክንገልጽ ንፈቱ። ካብዚ ክዉንነት እዚ ድማ ፈልከት የለን።*

*ዓወት ንሓፋሽ!*
*ዘላኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሱዉኣት ኤርትራ!*
*ዓወት ንሃገራዉያን ዲሞክራስያዉያን ኤርትራ!*
*ክፍሊ ሃገራዊ መርሓን ፖሎቲካዊ ምንቅቃሕን*